# ሃና ጓል ፋኑኤል

**ወንጌል ሉቃስ 2፥36-38**

> “36 ካብ ወገን ኣሴር ድማ ሃና፡ ጓል
> ፋኑኤል፡ ንሳ ኣዝያ ዝኣረገት ነብዪት
> ነበረት። -- ካብ ድንግልናኣ ሒዛ ምስ
> ሰብኣያ ሾብዓተ ዓመት ገበረት። 37ንሳ
> ሰማንያን ኣርባዕተን ዓመት ዝዕድሚኣ
> መበለት እያ። -- ካብ ቤት መቕደስ
> ከይወጸት፡ ብጾምን ብጸሎትን ለይትን
> መዓልትን ንኣምላኽ ተገልግል ነበረት።
> 38ንሳውን ሽው ናብኡ መጺኣ ንኣምላኽ
> ኣመስገነቶ። ነቶም ምድሓን የሩሳሌም
> ዚጽበዩ ኹሎም ከኣ ብዛዕባኡ
> ተዛረበቶም።”

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣሰሮም ክንክተል ኣርኣያ፡ ጌጋኦም ከይንደግም ድማ መለበሚ ዝኾኑና ዛንታታት ናይ ሰባት ዓበይትን ንኣሽቱን ይህበና፡፡ ሓንቲ ካብ እዚኣቶም ሃና ጓል ፋኑኤል እያ፡፡ ብዛዕባኣ ኣብ ሉቃስ 2፥36-38 ዘሎ ነቕልበሉ፡፡ ንሃና ቀዳመይቲ ሚስዮናዊት ናይ ወንጌል ዚብል ክብሪ እንተ ሃብናያ ዘይናታ ኣይኮነን።

## 1. ሃናን ቤተ - ሰባን

ኣብ ላዕሊ ኣብ ጥቕሲ 36 ከም ዘንበብናዮ፡ ሃና፡ ኣብ ቋንቋ እብራይስጢ፡ ኣብ ካልእ ቋንቋታት ዝርከብ ኣብ ምሉእ ዓለም ግኑን ዝኾነ ስም እዩ፡፡ ኣምላክ ዝፈተዎን ዘመጕሶን ሰብ (ዘጸገዎ) ድማ የስምዕ፡፡ እንዛረበላ ዘሎና ሃና ጓል ፋኑኤል፡ መሰረታ ካብ መንፈሳዊ ቤተ-ሰብ ዝነበረት ትመስል፡፡ ዛንትኡ እኳ እንተ ዘይብልና፡ ካብቲ ኣበሃህላ ናይ ሉቃስ እንረኽቦ ሓበሬታ፡ ኣቦኣ፡ በቲ ጊዜኡ ዝናን፡ መንፈሳዊ ቈላሕታታትን ዝነበሮ ሰብኣይ ይመስል፡፡

ሃና፡ ብዓል ቤታ፡ ኣብ ሾብዓተ ዓ መት ድሕሪ ኪዳኖም ብሞት ከም እተፈልያ ንፈልጥ፡፡ ኣይሁዳዊት ካብ ነገድ ኣሴር እያ ነይራ፡፡ ኣብ ወንጌል ሉቃስ ምዕራፍ ሓደን ክልተን፡ ዛንታ ናይ ሃና ከም ሰንሰለት ምስ ናይ ዘካርያስን ኤልሳቤጥን፡ ምስ ናይ ዮሴፍን ማርያምን፡ ምስ ናይ ስምኦንን ተተቲዑ እዩ ተነጊሩ ዘሎ፡፡

እዚኣቶም ኩላቶም ሉቃስ ኣጣሚሩ ተቲዑ ዘዘንትወሎምሲ፡ እቲ መራኸቢኦም እንታይ እዩ? መራኸቢኦም፡ ኩላቶም ሓደ ዝተስፋኦም ሰባት እዮም ነይሮም፡፡ ኣብቲ ኵነታት ጸንኪሩሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣምላክ ተስፋኡ ዘይጠልምን ዘይኩለፍን ምኳኑ ኣሚኖም ብእኡ መፍትሒ ኪርከብ ከይተሓለሉ፡ ነቲ መሲህ ቀኊሊሕ ዝብሉ ሰባት እዮም ነይሮም፡፡

ዘማራይ፡ ኣብ መዝሙር ሰላም፡ “. . . ርድኣኒውን ከይፍለዮም፡ መንፈስ ቅዱስ ንዚመርሖም፡ ናብ ሰማያዊ ሃገር፡” ከም ዚብል፡ ንሕናከ ኣብዚ ስድራ ኣምላክ ዝኾነ ሰፊሕ ስድራ ናይ ሃናስ ኣሎናዶ?

## 2. ሃና ነብዪት

ነብይ ወይ ነብዪት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖምን ተደሪኾምን፡ ካብ ኣምላክ ዝተቐበሉዎ መልእኽቲ ንሰባት ዘመሓላልፉ እዮም፡፡ ኣብ 2ይ ጴጥሮስ 2፥21 “ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላክ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን፡” ይብል እሞ፡ ሃና ድማ ነብዪት እያ ነይራ፡፡ ከም ነብዪት መጠን እንታይ ኣገልግሎት ከም ዘበርከተት ተኣሚቱልና ዘሎ ቀኊንጣሮ እዩ፡፡ ብሓጺሩ፡ ኣብ እተጠቕሰ ክፍሊ ናይ ወንጌል ሉቃስ እዞም ዝስዕቡ ንረክብ፡፡

2.1. ብእተፈላለየ ኣገባባት ኣብ ቤተ መቕደስ ከየብኮረት ን84 ዓመታት ዝኣክል ተገልግል ከም ዝነበረት፡

2.2. ንዓመታት ዝኣክል ለይትን መዓልትን ብጾምን ብጸሎትን፡ ንኣምላክ ተገል ግል ከም ዝነበረት፡

2.3. ከምኡ እውን ብምምስጋን ንኣምላኽ ተገልግል ከም ነበረት፡

2.4. ነቲ ሕጻን የሱስ፡ ኣብ 8ይ መዓልቲ ናይ ልደቱ ኣብ ቤተ-መቕደስ ምስ ረኣየቶ፡ ከምቲ ንስምኦን እተከስተሉ ተከሲቱላ። ንሱ እቲ መሲህ ምኳኑ ኣለልያቶስ ንብዙሓት ከም ዘበሰረት፡ ካብ ጥቕሲ 37 — 38 ንርእዮ፡፡

ምልስ ኢልና፡ ኣብ ገገዛእ ርእስና ኽንርእዮስ፡ ነፍስ-ወከፍና ንኣገልግሎት ዝተጸውዑዶ ኣይኮንናን? ከም ምኧንና መጠንከ፡ <u>ከምቲ ናይ ሃናዶ ኣገልግሎትና ንምልእ ኣሎና?</u>

## 3. ሃና ሽማግለ

በቲ የሱስ፡ ህጻን ናይ ሾሞንተ መዓ ልቲ ኰይኑ፡ ምስ ዮሴፍን ማርያምን ናብ ቤተ-መቅደስ ዝመጸሉ እዋን፡ ሃና ንሰማንያን ኣርባዕተን ዓመታት ዝኣክል መበለት እያ ነይራ፡፡ ምስ በዓል ቤታ፡ ቅድሚ ብሞት ካብኣ ምፍላዩ፡ ንሾብዓተ ዓመታት ጥራይ እዮም ብሓደ ጸኒሖም፡፡

እምበኣር ኣብቲ እዋን መርዓኣ፡ እቲ ዕድሜኣ ዕስራ ዓመት ከም ዝነበረ እንተ ደኣ ገሚትናዮ፡ በቲ የሱስ ሕጻን ኰይኑ ምስ ዮሴፍን ማርያምን፡ ንቤት መቕደስ ዚመጸሉ እዋን ሃና ጓል ሚእትን ዓሰርተ ሓደን ዓመታት ኣቢሉ ዝኸውን ዝዕድሚኣ ኣረጊት ሰበይቲ እያ ነይራ ማለት እዩ።

ነዊሕ ዕድመ፡ ጸሎት፡ ጾም፡ ምስጋና፡ ምሉእ ኣእምሮ፡ ዓዲ ውዒል ኳንካ ከይተኰርመካ ኣበርክቶ ኪህልወካ ዓቢ በረከት እዩ፡፡ <u>ነዊሕ ዕድመን ጥዕናን ኣበርክቶንሲ . . . ምስ ናይ እምነት ህይወት ይቋረንዶ እዩ?</u>

## 4. ሃና መበለት

ሃና፡ ሰብኣያ ሞይቱዋ ሕጽኖታ ኽይጸገበት፡ ውላድ ከይወለደት፡ እያ መበለት ዝኾነት፡፡ በዚ ኲላፍን ዘማትን ዝኾነ ተምክሮታታ ክትድቄስን ክትኵርመንሲ ዚክኣልዶ እዩ ነይሩ? ከምኡ ዝኾና ብዙሓት እየን፡፡ ሃና ስለምንታይ ኣብዚ መግደራ እዚ ዘይወደቐት? እምነት ኣየጥፍኣትን፡፡

እምነት ኣብ ኣምላክ፡ እምነት ኣብ ቤት ኣምላክ፡ እምነት ኣብ ሕብረት ኣሕዋት፡ ንሃና ጥዕናን ምንዋሕ ዕድመን ሂቡዋ፡፡

<u>ምንጪ ናይ ጽንዓትካስ እንታይ እዩ?</u>

## 5. ሃና፣ ፈታዊት ቤት ኣምላኽ

ሃና ኣብ ቤት ኣምላኽ ዘወትር ትርከብን ተካፋሊትን ኣገልጋሊትን መማዕረጊቱን እያ ነይራ፡፡ እዚ ድማ ከየብኰረትን ከይተሓለለትን ተጽዕኖ ከይኰናን ፈጺማቶ፡፡ ናይ ወዝቢ ወይስ ናይ ዃጥዕማ ከሎ መጻኢት ኣይኰነትን ነይራ። <u>እሞ፣ ተሳተፍነትና ኣብ ቤት ኣምላኽ ከም ናይ ሃናዶ እዩ? ናይ ነፍስ-ወከፍናኸ ከመይ ኪኸውን ይግባእ?</u>

## 6. ሃና፣ ናይ ጾምን ጸሎትን ሰብ

ጾምን ጸሎትን ኣብቶም ወንጌላውያን ዳርጋ እተረስዔ ወዝቢ፣ ኣብቶም ካልኦት ድማ ትርጉሙ ዝስሓተ፣ ኣብ ናይ መግቢ ጉዳያት ዝተመርኰሰ ዓይነት ጥልላት ዘይምብላዕ ጥራይ ኰይኑ ተሪፉ ኣሎ፡፡

ሃና ግና ብስነ ስርዓት (ዲስፕልን) ነፍሳ ዓቲባ፣ ብልቢ፣ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ጾምን ጸሎትን ተዘውትር ዝነበረት እያ። ዘወትር እተጾመሉን እትጽልየሉን ኣርእ ስትታት ድማ ነይሩዋ፡፡

ዋና ካብዚ እንታይ ከም ዝነበረ፣ ካብቶም ናይ ሽዑ ሓደ ዝልቦም ሰባት ዝናፍቖዎ ዝነበሩ ኣርእስትታት ክንዕዘቦ ንክእል፡፡ እዚ ካብቲ ዘረባ ናይ ዘካርያስ ኣብ ሉቃስ 1፡67-79 ተተምቢሁ እንረኽቦ፣ ካብቲ ምስጋና ናይ ማርያም ኣብ 1፡46-55 ተመዝጊቡ ዘሎ፣ ካብቲ ምስጋና ናይ ስምኦን ኣብ ሉቃስ 2፡28-35 ተመዝጊቡ ዘሎ ክንቅርሞ ንክእል ኢና፡፡ እቲ መሲህ ክመጾም፣ ዓቢ መንፈሳዊ ምንቕቓሕን ለውጥን ክርእዩ፣ ኣብ ሃገሮም ሰላም ክነግስ ይጽልዩን ይጾሙን ነይሮም፡፡ <u>ንሕናኸ ብራእይ እንጾመሉን እንጽልየሉን ዓበይቲ ጉዳያትሲ ኣሎናዶ?</u>

## 7. ሃና፣ መመስገኒት

ሃና፣ መበለት፣ ውላድ ዘይብላ፣ ፖሊቲካውን ወተሃደራውን መግዛእቲ ባዕ ድን ኣብ ዝዓዘዞ ጊዜን ሃገርን እያ ትነብር ነይራ፡፡ ኣብዚ ሃውህው እዚ እናነበረትሲ ከመይ ኰይና እያ ኣብ ክንዲ መዕዘምዘሚትሲ መመስገኒትን ጸላይትን ዝኾነት? እቲ ምስጢሩስ እንታይ እዩ? ነዚታት ኩሉስ ብእወንታዊ ጠባያት ክትብድሆስ ይከኣልዶ እዩ? (እስከ ነዚ ምስቲ ናይ ጳውሎስ ኣብ ፊሊጲ 4፡4-7 ዘሎ ነረኣእዮ፡፡

## 8. ሃና፣ መስካሪት

ስምኦን ኰነ ወይስ ሃና ንየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ህጻን ወዲ ሸሞንተ መዓልቲ ከሎ እዮም ዝረኣይዎ፡፡ ግና ንሱ እቲ መሲህ፣ እቲ መድሓኒ ዓ ለም ምኳኑ ኣለልዮምዎስ ተሓጕሶም፡፡ ተሓጕሶም ድማ ብዕሊ፣ ብጋህዲ ኣመስጊኖም፡፡ ንኻልኦት ኣበሲሮም፡፡

ተኣምራቱ ከይረኣዩ፣ ትምህርቱ ከይሰምዑስ ከመይ ኰይኖም እዮም ኣብዚ ምርዳእ እዚ ዝበጽሑ? ኣለልዮም ድማ መሰካክር ክኰኑ ዝከኣሉስ እንታይ እዩ ምስጢሩ? ጨው ከም ዘመቅር፣ ብርሃን ድማ ከም ዘብርህ፣ ሃና ድማ መምዓሪት እያ ነይራ፡፡ እቲ ኽምኡ ንኽትከውን ዝገብረ ወይ ዝደረኻስ እንታይ እዩ? (ሉቃ 2፡22-35)